# ካብ ቤት ትምህርቲ ናብ ሞያ

ሐበሬታ ንወለዲ

ናብ ዝኸበርኩም ወለዲ
ጓልኩም ወይ ውድኹም ኣብ 7. 8. 9. ወይ 10. ክፍሊ ይመሃሩ፣ ኣብዚ ምስበጸሑ፣ ክውስኑ ኣለዎም ትምህርቲ ክቕጽሉ ወይ ሞያ ክመሃሩ። እዚ ስጉምቲ ኣገዳሲ እዩ። እንተ ሞያ ሒዞም ወይ ከኣ ማእከላይ ደረጃ ናይ ቤት ትምህርቲ ፈጺሞም ኣብ ስዊዘርላንድ ጽቡቕ ዕድል ኣለዎም ንመጻኢ ኣብ ስራሕ ክምዕብሉ።

## ቤት ትምህርቲ ከመይ ገሩ ይሕግዝ፡

እቲ ቤት ትምህርቲ ነቶም ተመሃሮ ኣብ ሻምናይን ታሽዓይን ምስበጽሑ ሞያ ክመርጹ ይቀራርቦም ወይ ትምህርቲ ክቅጽሉ። ከመይ ከም ዘቃራርብዎም ንመምህር ኣብቲ ኣኸባ ናይ ወለዲ ሕተቱ።

## ናይ ሞያ ምኽሪ ኣገልግሎት[1] ከመይ ገሩ ይሕግዝ፡

ናይ ምኽሪ ሞያ ኣገልግሎት፣ ብዛዕባ ሞያን ስራሕ ስልጠናን ትሕብር። ተወሳኺ ድማ ከይድካ ብዛዕባ ድልየትካን ክእለትካን መገድታትን ተዘራርብ። እዚ ኣገልግሎት ንተመሃሮ ስቱርን ነጻን እዩ።

ናይ ሞያ ምኽሪ ኣገልግሎትን ቤት ትምህርትን ነቶም መንእሰያት ትምህርቲ ክቕጽሉ ወይ ሞያ ክመርጹ ይሕግዙ። እንተ ኣድሊዩ ነጻ ቦታ ናይ ሞያ ትምህርቲ ክትደሊ ይተሐጋገዙኻ ኢዮም። እቲ ቀንዲ ሓላፍነትን ምድላይን ኣብቶም ስድራቤት እዩ ዝተርፍ።

## እቶም መንእሰያት ባዕሎም እንታይ ክገብሩ ኣለዎም፡

ብኸመይ ወለዲ ንደቆም ገረኦም ይሕግዝዎም፡ ወድኻ ወይ ጓልካ ባዕሎም ክንቃሳቐሱ ኣለዎም፣ ቤት ትምህርቲ ምስ ፈጸሙ ቦታ ናይ ሞያ ትምህርቲ ክረኽቡ። ንብዙሓት እዚ ቀሊል ኣይኮነን። በዚ መኽንያት እዚ ኣገዳሲ እዩ ወለዲ ክሕግዝዎም። ሕቶ እንተለኩም ወይ እንተጸጊሙኩም ናብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ምጹ።

ስራሕ ወይ ትምህርቲ ክትመርጽ ነዊሕ ግዜ ይወስድ እዩ። በዚ መኽንያት እዚ ሕቶ ሕተት መልሲ ክትረክብ። እቲ ቀንዲ ሕቶታትን ቀንዲ መገድታትን መልሲ ትረኽበሉ ብኸምዚ ኣገባብ እዩ።

---

[1] ነፍስ ወከፍ ዞባ（ካንቶን）ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ኣለዎ። እቲ ኣድራሻታት ኣብ ቤት ትምህርቲን ማሕበርካን ወይ ከኣ ኣብ ዝስዕብ ይርከብ።
Deutsch: www.adressen.sdbb.ch   Français: www.adresses.csfo.ch   Italiano: www.indirizzi.csfo.ch

ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ብፍሉይ ሽምን ሐጺር ሽምን እዩ ዝፍለጥ።

| | |
|---|---|
| ቋንቋ ጀርመን ዝዝረበሉ ዞባ | BIZ, Laufbahnzentrum |
| ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረበሉ ዞባ | OP, SOPFA, OFPC, COS, OROSP, CIO, OCOSP |
| ቋንቋ ጥልያን ዝዝረበሉ ዞባ | orientamento, UOSP |

## ሀ ኑብስኻ ምፍላጥ

*ዝስዕብ ሕቶታት ደቅኹም ንነብሶም ክሓቱዋ ኣለዎም*

- ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣበየናይ ዓውዲ ንፉዕ እየ፡ ኣየናይ ዓውዲ እፈቱ፧
- ኣብ ዕረፍትን ግዛን እንታይ ተማሂረ (ንኣብነት ዝተፈላለየ ቋንቋታት ምዝራብ መግቢ ምድላው ኣስበዛ ምግዛእ ገለ ነገር ምዕራይ መከይድኻ ጸገም እንተለዎ ሽግሮም ምስማዕ ኣብ ማሕበር ናይ ስፖርት፥ ኣብ ማሕበር መንእሰያት፥ በዓላት ናይ ማሕበር ምድላው) ፧
- ኣብቲ ተወሳኺ ስራሕ ከም ዘይድንጉን እሙንን ምዃነይ ኣርኢየ፡ (ንኣብነት ጋዜጣ ምዕዳል ቆልዑ ምሕላው ሳዕሪ ምዕጻድ ኣብ ሐደ ትካል ቀዳምን ሰንበትን 2-3 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ምሕጋዝ)
- ኣበይ ሐይልን ዓቅምን ኣሎኒ ኣበይ ድኽመተይ፧

*ከመይ ገሮም ወለዲ ንደቆም ይሕግዙ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ*

ኣተሐሳስብኦም፥ ኣየናይ ስራሕ ምስ ደቅኹም ዝኸይድ፥ ኣየናይ ክእለት ከም ዘልዎም።

## ለ ሞያታት ምፍላጥ

*ደቅኹም ብሓበሬታ[2] ብ "Schnupperlehren" ሞያታት ፈሊጦም*

- ከመይ ገርካ ሞያታት ተጽንዕ፡ መግለጺ ብዛዕባ ሞያታት ኣንብብ ፊልምታት ረኣይ ናብ ሰሚናራትን[3] ትርኢትን ብዛዕባ ሞያታትን[4] ሞያ ትምህርትን ኪድ ኣብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ሕተት።
- "Schnupperlehren" ምግባር። "Schnupperlehre" ግበር ኣብ ሐደ ትካል ሞያ ከተጽንዕን ክትፈልጥን። „Schnupperlehre" ዳርጋ 2 -3 መዓልታት ይከይድ። ትካላት „Schnupperlehren" ይጥቀሙ ነቶም መንእሰያት ክላለዩን ክመርጹን። እንተነፊዕካ ዕድል ኣለካ ኣብኡ እቲ ሞያ ክትመሃር።

*ከመይ ገሮም ወለዲ ንደቆም ክሕግዙ ይኽእሉ፡*

- ንደቅኹም ኣሰንዩዎም፥ ኣኽባ ብዛዕባ ሞያታት እንተሎ። ኣዛኻኽርዎም ቆጸረታት ከይርስዑ።
- ኣሰንዩዎም ናብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ። ኣፍልጦ ናይ ዝተፈላለየ መገድታት ናይ ሞያ ትምህርቲ ክህልወኩም ኣለዎ።
- ንደቅኹም ኣዛራርብዎም ብዛዕባ ተመክሩዎ ኣብ ስራሕ።

---

[2] ጀርመን Schnupperlehre
ፈረንሳ stage d'information professionnelle; stage en entreprises
ጥልያን stages

[3] ሰሚናራት ሐበሬታ ትረኽበሉ
www.berufsberatung.ch/Informationsveranstaltungen; www.orientation.ch/manifestations; www.orientamento.ch/eventi

[4] ትርኢት ብዛዕባ ሞያታትን ሞያ ትምህርትን
ኣብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕተት መዓስ ከምዘሎን ኣበይ ከኣ ከምዘሎ። እዚ ትርኢት ዝተፈላለየ ሽም ኣለዎ።
ብጀርመን Berufsmesse, Ausbildungsmesse, Berufsschau
ብፈረንሳ Salon des métiers, Cité des métiers,salon de la formation
ብጥልያን ESPO Professioni

### ሐ ሞያን፣ ቤት ትምህርትን ምምራጽ

*ደቅኹም ኣብ ምምራጽ ሞያ ኣብ ዝስዕብ ዘሎ ክጥንቀቁ ኣለዎም። ክትሐስብ ብሞያ ክትመርጽን፥*

- ወይ ትምህርቲ ክትቅጽልን ብዙሕ ክትገብርን፣ ግዜ ይወስድ እዩ።
- ኣድላዪ እዩ 1 ወይ 2 ምርጫ ክህልወካ።
- ንመምሃራን ኣበይ ጉድለት ኣለኒ፣ ከመይ ገረ ኣብ 9. ወይ 10. ክፍሊ ክቀራረብ እኽእል ሕተት።

*ከም ወለዲ መጠን ኣበይ ክትሕግዙ ትኽእሉ፥*

- ትግደሱ ዲኹም ብዛዕባ ውሳነ ደቅኹም።
- ተዛራረቡ ብዛዕባ እቲ ዝመረጽዎ ሞያን ምርጫን

### መ ሞያ ትምህርቲ ምድላይ *(መብዛሕቱ ግዜ ሐደ ዓመት ቅድሚ ትምህርቲ ምፍጻም)*

ሞያ ትምህርቲ ክደልዩ እዚኣ ትስዕብ ዘላ ጽሕፍቲ ንደቅኹም ትሕብሮም እያ።

- "ከመይ ገርካ ነጻ ቦታ ናይ ሞያ ትምህርቲ ትደሊ."[5]፡

*ከም ወለዲ መጠን ኣበይ ክትሕግዙ ትኽእሉ፥*

- ኣዛኻኽሩ ንደቅኹም ኣቐዲሞም ክጅምሩ ሞያ ትምህርቲ ክደልዩ።
- ኣታባብዕዎም ኢንተተነጺጎም ክቅጽሉ፣ ሞያ ትምህርቲ ክደልዩ።

## ኣደታትን ኣቦታትን እንታይ ክትገብሩ ከምትኽእሉ ብኣብነት ገርና ክነፍልጠኩም ኢና።

### ምስ መምህር ምዝራብ

ላውራ ኣብ 8. ክፍሊ ትመሃር ኣላ። ኣብ ገዛ ብዛዕባ ሞያ ምምራጽን ወይ ትምህርቲ ምቅጻልን ኣይተዕልልን እያ። እንታይ ኮይና ኢሎም እቶም ወለዲ ይጭነቁ። ድሕሪ ቤት ትምህርቲ ኣዲኣ ናብ መምህራ ከይዳ ላውራ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ሞያ ምምራጽን ወይ ትምህርቲ ምቅጻልን ኣይትዕልልን ድያ ኢላ ሐቲታ።

### ንዝተፈላለየ መገድታት ነጻ ምኽን

ኒኮላስ ኣብ 9. ክፍሊ ይመሃር ኣሎ። ከም ብዙሐት ኣወዳት ናይ ኮምፒዩተር ክኢላ ክኸውን ደልዩ። ቦታ ንሞያ ትምህርቲ ብጽሑፍ ኣመልኪቱ ነጺጎሞ። ኣብ ኣኼባ ናይ ወለዲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወለዱ ፈሊጦም ውሑድ ነጻ ቦታታት ከምዘሎ። ወዶም ንኒኮላስ ናብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ሰዲዶሞ፣ ካብኡ ሐድሽ ሓሳብ ሒዙ መጺኡ። ኣብ ቁጽሪ ንፉዕ ስለዝኾነ ብተክኒክ ስለዝግደስ ነጻ ቦታ ናይ ፖሊመካኒክ ይደሊ ኣሎ። ኣብኡ ተነጊሩ ምስ ኮምፒዩተር ከምዝሰርሕ። ድሕሪ ሞያ ትምህርቲ ተወሳሒ ኣብ ናይ ኮምፒዩተር ክድህብ ይኽእል እዩ።

### እቲ ስድራቤት ትጽቢት ኣለዎ

እቶም ኣዝማድ ኣብ ዓዲ መዓስ እዩ ኣሕመድ ትምህርቲ (ዩኒቨርሲቲ) ዝጅምር ይሐቱ። ኣብ ስዊዘርላንድ ከም ትሓስብዎ ኣይኮነን ወለድኡ ይምልሱ። ኣሕመድ ናይ ኢድ ተውህቦ ኣለዎ መካይን ይፈቱ መካኒካ ክኸውን ይደሊ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ንፉዕ ስለዝኾነ እቲ ጻዕሪ ዝሓትት መባእታዊ ትምህርቲ ፈጺሙዎ። እዚ ሞያ ጠቓምን ምስኡ ዝኸይድን እዩ። ኮሪዕና ኢና ኣብዚ ምብጻሑ ቀሊል ኣይኮነን ብዘይናትካ ቋንቋ ክትመሃር ኢሎም። በዚ ሞያ እዚ ኣብ ምሉእ ዓለም ክሰርሕ ይኽእል እዩ።

### ቁሩብ ቋንቋ ምምላኽ

ፋጥማ በላሕ ቆልዓ ኢያ፣ ምስ 15 ዓመት ንስዊዘርላንድ መጺኣ፣ ቋንቋ ብዙሕ ኣይትፈልጥን እያ ነሪ ብቑዕ ሞያ ትምህርቲ ክትመሃር። ድሕሪ 9 ዓመት ቤት ትምህርቲ (ግቡእ ትምህርቲ) ሐደ ዓመት ክትውስኽ ትኽእል እያ ንሞያ ትምህርቲ ክትቃራረብ ወይ ከኣ 2 ዓመት መባእታዊ ሞያዊ ትምህርቲ ክትመሃር። ንፋጥማን ወለድኣን ኩሉ ሓድሽ እዩ። እቲ ዝተፈላለየ መገድታት ጽቡቅ ገሮም ክፈልጥዎ ኣሎዎም። ፋጥማ ሐዚና 12. ክፍሊ ትፍጽም ሐሲባ ነራ። ወለድኣ ምስቶም ካለኦት ኣዋዳድርካ ምናልባት ግዜ ከድልየኪ እዩ ኢሎም ኣጻናኒዖማ። ድሕሪ ጉድለትኪ ፈሊጥኪ መሊእኪ ብቑዕ መባእታዊ ሞያዊ ትምህርቲ ክትመሃሪ። ኢንተክኢልኪ ድሕሪኡ ከኣ ዩኒቨርሲቲ ትቕጽሊ ክትዕወቲ እኺ።

## ሞያ ምሕዝ ወይ ምምርዓው፣

ሳሚራ ቀሪባ 16 ዓመት ክትገብር ሐደ መንእሰይ ክምርዓዋ ነቦኣ ሐቲቱ። ቤተሰብካን ቤተሰብናን ይፋተዉ እዮም ክምቲ ባህልና ጽቡቅ ነሩ ክንዋሰብ ኣቦኣ መሊሱሉ። ግን ትፈልጥ እኻ ኣብ ስዊዘርላንድ ንነብር ኣለና እቲ ናብራ ተቀይሩ እዩ። ኣብዚ ዓዲ ንደቂኣንስቲዮን ንደቂተባዕታይን ሞያ ክሕዙ ኣገዳሲ እዩ። ብእኡ ምኽኒያት ሳሚራ ቅድም ሞያ ክትሕዝ ኣለዋ ድሕሪኡ ባዕላ ትውስን ንመን ከም ትምርዓው።

## ኣቦ ንወዱ ኣሰንዮ

ለዮናርዶ ቀሪቡ ትምህርቲ ክውድእ ግን ከቢድዎ እዩ። ንቅሩብ ግዜ ብተግበራዊ ልምምድ ክሰርሕ ይኽእል እዩ ነቲ ሞያ ናይ ጽርበት ክፈልጦ። ኣብኡ እንተነፊዑ ንክልተ ዓመት መባእታዊ ናይ ምጽራብ ትምህርቲ ክመሃር ይኽእል እዩ። ፈሪሑ ዓቕሉ ጸቢቡዎ ተጣራጢሩ ንስራሕ ክኸይድ ከይዱንጐ እቲ መገዲ ስለዘይፈልጦ። ብዛዕባቲ ሞያ ብዙሕ ኣፍልጦ ኣለካ ጻዕረኛ ኢኻ ኢሉ ኣቡኡ ኣታባቢዑዎ። ኣብ ፈለማ መዓልቲ ከሰንየካ ኢየ ናብ ስራሕ። ኣንጊህና ክንከይድ ኢና ግዜ እንተለና ክንዛወር ኢና ክትሃድእ።

## ብሰበ ሰብ ገርካ ስራሕ ምእታው

ፓውላ ንፍዕቲ ተማሃሪት እያ። ጽቡቅ ነጥብታት ኣብ ቋንቋ ፈረንሳ ቋንቋ ጀርመንን ቁጽሪን ተምጽእ እያ። ተወሳኺ ፓውላ ቋንቋ ፖርቲጊዝ ትዛረብን ተንብብን ትጽሕፍን እያ። ዝተፈላለየ ሞያታት ኣጽኒዓ ኣብ ሰሚናር ሐበሬታ ትረኽበሉ ከይዳ ዝተፈላለየ ሞያታት ብተግበራዊ ልምምድ ፈሊጣ። ወሲና ነጋዲት ክትኸውን ደልያ ብጽሑፍ ገራ ንስራሕ ሓቲታ ግን ነጺጎማ። ኣቡኣ ኣብ ስርሑ ንሓለቓ ገሊጹሉ ጓሉ ከምተነጸገት፣ ሞያ ከምትደሊ ዘላ። እቲ ሓለቓ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ሕተት የምህሩ ኢዮም መሊሱሉ። ኮምኡ ክገብር ኢየ በዓልቲ ቤተይ ከኣ ኣብ ስራሓ ክትሓተላ ትኽእል ኢያ ጐረብትና ከኣ ኣሎ ክሕግዘና ዝኽእል።

## ኢድካ ኣይትሃብ

መመት ደጋጊሙ ብጽሑፍ ገሩ ንስራሕ (ሽቃጠ) ሓቲቱ ግን ነጺጎሞ፣ ኣይኮነሉን። ተስፋ ቈሪጹ ስራሕ ምድላይ ኢንዳገዶፎ መጺኡ። እንዳ ተደረረ ወለዱ ናብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ክንከይድ ኢና እንታይ ክትገብር ትኽእል ኣየናይ ሓገዝ ዘድልየካ ክንሓትት ኢና ኢሎም። ንወዶም ኣታባቢዖሞ ተስፋ ኣይትቁረጽ ኣብ ዝብጻሕ ክትበጽሕ ኢኻ ክንሕግዘካ ኢና እቲ መገዲ ምሳኻ ክንከዶ ኢና ኢሎሞ።

ናብ ዝኸበርኩም ወለዲ

ነዊሕ ኣይትጸበዩ ሕቶ ብዛዕባ ምምራጽ ሞያ ደቅኹም እንተለኩም። ንመምሃራን ወይ ንኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ሕተቱ።